Universität Basel
Fakultät für
Psychologie

# ብተደጋጋሚ ዝለዓሉ ሕቶታት

**ኣብቲ ናይ ሕቶ ወረቐት ኣደ ወይ ኣቦ ተባሂሉ ተጻሒፉ'ኳ እንተሎ፡ ዋላ ነቶም ሞግዚት ወይ ሓላፍነት ህጻን ወሰድ ቲን ዘጠቓልል እዩ ።**

## ***<u>እቲ መጠይቕ ንምንታይ ጉዳይ እዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል?</u>***

- እዚ መጠይቕ እዚ ብዛዕባ ክእለት ቋንቋ ጀርመን ናይ እቶም ዘይተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ዝኾኑ ህጻናት ዝምልከት እዩ። ወለዲ ነቲ መጠይቕ ይምልኡዎ። ደቅኹም ኣብ መንጎ 31 ን 48 ወርሒ ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።
- እቲ መጠይቕ ደረጃ ክእለት ቋንቋ ጀርመን ዝምዝግብ እዩ። እንተዳኣ እቲ ደረጃ ትሑት ኮይኑ፡ ሓገዝ ኣድላይ ይኾውን ማለት እዩ።
- እቲ መጠይቕ ናይ እቶም ናይ ስደት ድሕረ-ባይታ ዘለዎምን ብዙሓት ቋንቋታት ፈሊጦም ዝዓብዩን ህጻናት ዝርኽቡዎም ዕድላት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝሕግዝ እዩ።

## ***<u>መጠይቕ ዳዝ-ኢ እንታይ እዩ?</u>***

- መጠይቕ ዳዝ-ኢ ብመሰረት ሳይንሳዊ ሕግታት ዝማዕበለ እዩ። ክእለት ቋንቋ ዝምዝገበሉ መንገዲ እዩ። ብ መልክዕ ሕትመት ወረቐት ብ 12 ቋንቋታት ተሓቲሙ ይርከብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ድማ ብ 11 ቋንቋታት ተዘርጊሑ ይርከብ።
- ወለዲ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ናይ ደቆም ዝሕተቱ ሕቶታት ይመልሱ።

## ***<u>ነቲ መጠይቕ መን እዩ ኣዳልዩዎ?</u>***

- እቲ መጠይቕ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ሳይኮሎጂ ባዘል ዩኒቨርሲቲ ዝተዳለወ እዩ። ክፍሊ ምዕባለን ሰብኣዊ ባህሪ ሳይኮለጂን ሓላፍነት ዝወስደሉ እዩ።

## ***<u>መን እዩ እቲ ዓሚል?</u>***

- ነዚ ዳህሳስ ዘካይድ ዓሚል ምምሕዳር ከተማ ወይ ክልል እዩ። ናይ እቲ ዝምልከቶ ዓሚል ኣርማ ኣብቲ መጠይቕ ይርከብ።

## ***<u>ድሕረ-ባይታ ናይ እዚ ፕሮጀክት እንታይ እዩ?</u>***

- ኣብ 2008፡ ክልል ባዘል-ስታድት "ብቑዕ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ኣብ መዋእል ህጻናት" ዝብል መደብ ጀሚሩ። እዚ መደብ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ገዛ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡን ዘይዛረቡን ህጻውንቲ ዘሎ ትምህርታዊ ዕድል ንምምጥጣን ዝዓለመ እዩ።
- ካብ 2013 ኣትሒዙ "ኣገዳዲ ዝኾነ ከይዲ ሕርያ" ኣብ ክልል ባዘል-ስታድት ጸኒሑ እዩ። ህጻውንቲ እንተደኣ መዋእል ህጻናት ቅድሚ ምጅማሮም 1 ዓመትን ፈርቓን ኣቐዲሙ እኹል ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ዘይብሎም ምኧኑ ተረጋጊጹ፡ ኣብ ናይ ቋንቋ ጀርመን ደገፍ ዝህበ ትካላት ትምህርቲ ክምዝገቡ ይግባእ። መደብ ስልጠና ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ክልተ ፍርቂ መዓልቲታት ኣብ ሰሙን ን ሓደ ዓመት ዝወሃብ እዩ።
- ካልኦት ከባቢያዊ ምምሕዳራትን ክልላትን ነዚ መርኣያ ስዒበን ይርከባ። እንተ እቲ ዓቕሚ ናይ ምውላን ዝህሉ ቆራጽነትን ግን ካብ እቲ ናይ ባዘል መርኣዪ ፍልይ ዝበለ ክኾውን ይኽእል እዩ።

***<u>ደረጃ ጽሬት ናይ እቲ መጠይቕ ብኸመይ እዩ ዳህሳስ ዝግበረሉ?</u>***

- እቲ መጠይቕ ንመምዘኒ ን ናይ ፈተና ደረጃታት ብቕዓት ስታቲስቲክ ዘማልእን ዝበልጽን እዩ።
- እዚ መጠይቕ መረጋገጺ ዝተውሃቦን ደረጃኡ ዝሓለወን ብምኳኑ፡ ቀጸልቲ ምምሕያሻት እናተገበረሉ እናማዕበለ ዝመጸ እዩ።

***<u>እቶም ብዛዕባይ ዝህልዉ ዝርዝር ሓበሬታት እንታይ እዮም ክግበሩ?</u>***

- እቲ ከባቢያዊ ምምሕዳር ወይ ክልል ንነፍስ ወከፍ ስድራ ናይ ቁጽሪ ኮድ ይህብ። ብኸምዚ ኣገባብ እዩ ድማ እቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ናይ ስድራቤት ዝዕቀብ። እቲ ከባቢያዊ ምምሕድር ወይ ክልል ጥራይ እዩ ንስድራቤታት ናይ ቁጽሪ  ኮድ ክህብ ዝኽእል።
- ባዘል ዩኒቨርሲቲ ካብ ከባቢያዊ ምምሕዳራት ጥራሕ እዩ ኣሃዛዊ ኮዳት ዝቕበል።
- ኣብ መንጎ እቲ ኣሃዛዊ ኮድን ውልቃዊ ሓበሬታ ዝህሉ ምፍልላይ ምስጢራውነት ናይ እቲ ሓበሬታ ዘውሕስ እዩ።
- ባዘል ዩኒቨርሲቲ ን ተወሳኺ ምምዕባል እቲ መጠይቕን ን ስራሕቲ መጽናዕትን ነቲ ምስጢራዊ ሓበሬታ ኣብ ጥቕሚ የውዕል።
- እቲ ከባቢያዊ ምምሕዳር ወይ ክልል ኣብቲ ናይ ቋንቋ ክእለት ተመርኲዙ ንምወላ ዝምለከቱ ውሳነታት ከሕልፍ ይኽእል እዩ።